## መዛዘሚ ህጹጽ ኩነታት ጥዕና ህዝቢ ኮቪድ-19

# ኣብ ኮቪድ-19 ዝተርኣዩ ለውጢታት ጥዕናዊ ረብሓታት

ኣብ **ግንቦት 11 2023**, እቲ ህጹጽ ኩነታት ህዝባዊ ጥዕና ግዜኡ ከብቅዕ እዩ። እቶም ህጹጽ ኩነታት ህዝባዊ ጥዕና መንግስቲ ብቕልጡፍ ገንዘብ ወጻኢን ንጽቡቕ ሂወት ህዝቢ ዝድግፉ ሓደስቲ መደባት ከማዕብልን ዘኽእሉ እዮም።



### ዋላ እኳ እቲ ህጹጽ ኩነታት ህዝባዊ ጥዕና ኣብ ምዝዛም ይሃሉ፡ ኮቪድ-19 ግን ሕጂ'ውን ሓደገኛ ሕማም እዩ።

- ክሳብ ሕጂ ኣብ ኣመሪካ ብዙሓት ሰባት መዓልታዊ ይሞቱ ኣለዉ፡ ካልኦት ብዙሓት ድማ ብኸቢድ ይሓሙ ኣለዉ።
- ካብ'ዚ ብተወሳኺ ኮቪድ-19 ነቶም ንስኻን ስድራቤትካን ተካይዶም ልምድታት ክዘርግ ዝኽእልን፣ እዚ ድማ ሰባት ናብ ስራሕ ወይ ናብ ቤት ትምህርቲ ክይከዱ ዝኽልክል ክኾን ይኽእል።



**ንመርመራታት ኮቪድ-19፡ ሕክምናን ክታበትን ክትከፍል ክትግደድ ትኽእል ኢኻ።** ኣብ እዋን ህጹጽ እዋን ህዝባዊ ጥዕና፡ እቶም ፣ ሕክምናታትን መርመራታትን ኮቪድ-19 ካብ ክፍሊት ናጻ እዮም ዝወሃቡ ነይሮም። ድሕሪ 11 ግንቦት፡ ወጻኢታት ሕክምናታት፡ መርመራታትን ክታበታትን ኣብ መድሕን ጥዕናኻ ዝምርኮሱ ክኾኑ እዮም።



**እንተደኣ ሜዲኬይድ ኣለካ ኮይኑ፣ ሕድሕድ ዓመት ብቑዕ ምዃንካ ክተረጋግጽ ኣለካ።** ኣብ እዋን ህጹጽ ኩነታት ህዝባዊ ጥዕና፡ እቶም ብመንገዲ ሜዲኬይድ መድሕን ጥዕና ዝነበሮም ሰባት፡ ኣብ ሕድሕድ ዓመት ወዲያው ዳግማይ ይምዝገቡ ነይሮም። ድሕሪ 31 መጋቢት፣ ሰባት በብዓመቱ ብቑዓት ምዃኖም ከረጋግጹ ከድልዮም እዩ።



**እንተደኣ SNAP ትጥቀም ኮይንካ፣ እቲ ካብ መንግስቲ ንመግቢ ዝኸውን ተባሂሉ እትረኽቦ ገንዘብ ውሑድ ክኾን ይኽእል እዩ።** ኣብ እዋን ህጹጽ ኩነታት ህዝባዊ ጥዕና፡ መንግስቲ ነቶም ንመደብ ተወሳኺ ፕሮግራም ሓገዝ ኣመጋግባ (SNAP) ዝጥቀሙ ስድራቤታት ተወሳኺ ገንዘብ መግቢ ሂቡ። ስድራቤታት ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ነዚ ተወሳኺ ገንዘብ ምርካብ ጠጠው ከብሉ እዮም።

## ሎሚ ካብ ክፍሊት ናጻ ኣብዝኾኑሉ፣ ክታበታትካን መርመራታትካን ውሰድ።

NRC-RIM
National Resource Center for Refugees, Immigrants, and Migrants

*መጋቢት 31 2023*

# ንነብስኻን ንማሕበረሰብካን ንምክልኻል ኣብ ቅድሚን ድሕሪን ምዝዛም PHE ክትወስዶም እትኽእሎም ስጉምትታት ኣለዉ።

## እንተደኣ ሜዲኬይድ ዘለካ ኮይኑ፡

- እቲ ንናይ ሜዲኬይድ ሓገዛትካ ዘመሓድር ትካል፣ ን ቅኑዕ ኣድራሻኻን ቁጽሪ ተሌፎንካን ሓዊሱ እዋናዊ ናይ ርክብ ሓበሬታ ከምዘለዎ ኣረጋግጽ።
- ነቲ ምስ ናይ ሜዲኬይድ ጥቕምታትካ ተኣሳሲሩ ዝመጸካ ፖስታ ኣቓልቦ ሃብ። እንተደኣ ምልክታ ተቐቢልካ፣ ግዜ ከየጥፋእካ ስጉምቲ ውሰደሉ።

## እዞም ናይ ኮቪድ-19 ክታበታት ካብ ክፍሊት ናጻ እንከለው እዋንካ ሓሊኻ ውሰዶም።

- እዋንካ ሓሊኻ ክታበት ምውሳድ ማለት፣ ክልቲኡ ልክዒታት ክታበት ምውሳድን፣ ንዝኾነ ክትወስዶ ዝምከር መበርትዒ ወይ ቡስተር ምውሳድን ማለት እዩ።
- እዋናዊ ኽታበታት እንተ ዘይተኸቲብካ፡ COVID-19 ክሕዘካ፡ ብብርቱዕ ክትሓምም ወይ ክትመውት ዓብዪ ተኽእሎ ኣሎ።
- ዋላ ድሕሪ ግንቦት 11 እውን ናይ ኮቪድ-19 ክታበታትካ እዋኖም ሓሊኻ ምውሳድ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ነቶም ካብ ክፍሊት ናጻ ወይ ብዝተሓተ ዋጋ ግልጋሎታት ክንክን ጥዕና ዝህቡ ናይ ማሕበረሰብ ጥዕና ክሊኒካትን ካልኦት ኣቕረብቲ ክንክን ጥዕናን ኣልሽ።
- ክታበታት ኣብ **vaccines.gov** ርኸብ።

## ቅድሚ 11 ግንቦት ነቶም ኣብ ገዛኻ መርመራ ኮቪድ-19 መግበሪ ናውቲታት ኽዝን።

- ቅድሚ 11 ግንቦት ካብ መንግስቲ ነጻ መርመራ ኮቪድ-19 ኣዘዝ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ገዛ ኣርባዕተ መርመራታት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ካብ ክፍሊት ናጻ ክእዘዙ ይኽእሉ። ኣብ ኦንላይን ናብ **covidtests.gov** ብምኻድ ወይ ናብ 1-800-232-0233 ብምድዋል ብ ልዕሊ 150 ዝኾኑ ቋንቋታት መርመራታት ኣዝዝ።
- ሜዲኬይድ ሓዊሱ ሕክምናዊ መድሕን እንተሃልዩካ፡ ክሳብ ግንቦት 11 ኣብ ዝበዝሓ ፋርማሲታት ብነጻ መርመራ ኮቪድ-19 ክትገብር ትኽእል ኢኻ። ናብ'ቲ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ፋርማሲ ብምኻድ፡ ነቲ ናይ መድሕን ካርድካ ብምሃብ፡ መርመራታት ኮቪድ-19 ኣብ ትሕቲ መድሕንካ ዝሸፈን እንተኾይኑ ሕተቶም።

## ነቶም ን መግቢ ንምኽፋል ሓገዝ ዘድልዮም ሰባት ክቐርቡ ዝኽእሉ ብዙሓት ኣማራጺታት ኣለዉ።

- ን **foodfinder.us** ብምብጻሕን ነቲ ናይ ዚፕ ኮድካ ብምእታውን ምስ'ቲ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ናይ መግቢ ባንክ ተራኸብ።
- ገለ ግዝኣታት ምስቲ ናይ SNAP ጥቕምታትካ ዝያዳ ፍሩታታትን ኣሕምልትን ክትገዝእ ዘኽእለካ መደባት ኣለወን። ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ን **doubleupamerica.org** ተወከስ።
- ናብ'ቲ ውላድካ ዝመሃረሉ ቤት ትምህርቲ ብምኻድ ብነጻን ብዝተቐነሰ ዋጋን ዝቐርብ መግቢ እንተሃልዩ ሕተት።
- ናብ 2-1-1፣ ወይ 1-866-3-HUNGRY ደወል፣ ወይ ድማ ንሓላፊ ጉዳይ ዳግመ-ምጥያስካ ብዛዕባ ካልኦት ፍልፍላት መግቢ ሕተቶ።



ክታበት ርኸብ




መርመራታት ኣዝዝ



ናይ መግቢ ባንክ ርኸብ

እንተደኣ ድሕሪ 11 ግንቦት ብኮቪድ-19 ሓሚምካ ነቲ ሕክምናኻ ኣይትደናጉዮ። ዋላኳ ንሕክምና ክትከፍል ዘለካ ይኹን፡ ብዙሕ ግዜ ሕክምና እንከይረኸብካ እንተጸኒሕካን ኣብ ሆስፒታል ክትድቅስ እንተለካን፡ ወጻኢታት ክንክን ጥዕናኻ ኣዝዩ ዝለዓለ ክኸውን እዩ።

NRC-RIM
National Resource Center for Refugees, Immigrants, and Migrants

*መጋቢት 31 2023*